ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
The Government National State Of Tigray
ከተማ መቐለ ምምሕዳር ቤት ፅሕፈት
City Of Mekelle Administration
☎ 41 01 92/41 01 93 Fax 41 01 99/ 69 63

ቑፅሪ-1494/ ፀሮ/መ/71
ዕለት-21/3/2002

ናብ ዝምልከተኩም ወገናት/ኣካላት ኩሉኹም

ኣብ ዘለኹምሉ ቦታ

**ዋኒኑ፡- ብዛዕባ ደገፍ ፕሮጀክት ቤተ ንባብ ዝኽረ ዓይደር ምግላፅ ይምልከት**

ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ዝርከቡ ግዱሳት ወገናት ኣብ ከተማ መቐለ ግዳይ ሻዕቢያ ንዝኾኑ ሰማእታት ንምዝካር ኣብ ሙሉእ ቐዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዓይደር ቤተ ንባብ ዝኽረ ዓይደር (Ayder Memorial library) ብዝብል ፕሮጀክት ዕድመ ደረጅኡ ዝሓለወ በዓል ሓደ ደብሪ ቤተ ንባብ ንምስራሕ ኣብ ጉንበት 28/2000 እምነ ኩርናዕ ብርእሰ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣይተ ፀጋይ በርሀ ከምዝተነበረ ይዝከር ። ብዙይ መሰረት ድማ እዚ ፕሮጀክት ዘድሊ ስራሕቲ ዲዛይን ብምስራሕ ህንፀት እቲ ቤተ ንባብ በቲ ዝድለ ደረጃን ዕርየትን እናተሰረሐ ይርከብ።

ብኻልኦት ወገናት'ውን "ሓቦ መቐለ" ብዝብል ፕሮጀክት ናይ ህዝቢ ቤተ ንባብ ኣብ ከተማ መቐለ ንምስራሕ ብናይ ባዕሎም ተበግሶ ኣብ ምንቅስቓስ ዝርከቡ ኮይኖም ኣፍልጦ ክንህቦም ብዝሓተቱና መሰረት ንሰናይ ስርሖም ደገፍና ዝገለፅናሉም ምኻና ይዝከር ። ስለዚ እቲ ሰናይ ተበግሶ ዝተባባዕ ስለዝኾነን ክድገፍ ስለዘለዎን ከምኡ'ውን እቲ ስራሕ ብመንግስቲ ክልል ትግራይ ኣፍልጦ ስለዘለዎን ብዝምልከቶም ኣካላት ደገፍን ክትትልን እናተገበረሉ ኣብ ዕቡቕ ብርኪ ይርከብ። እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ፕሮጀክት ኣብ ዝተደለየሉ ግዘ ክውዳእ ነዚ ስራሕቲ እተሳልጥ ኮሚቴ መተኣኻኸብቲ ሓገዝ ፕሮጀክት ቤተ ንባብ ዝኽረ ዓይደር ኣድላይ ደገፍን ትሕብብርን ክግበርላ ለበዋና ነቕርብ። ንኹሉኹም ኣብ ሰናይ ተግበር ዝተዋፈርኩም ወገናት ድማ በዚ ኣጋጣሚ ከመስግነኩም ይፎቱ።

"ምስ ሰላምታ"

ፈስሃ ዘርሁን ወልዱ
ከንቲባ ከተማ መቐለ
Feseha Zeryhun Weldu
Mayor of Mekelle City

ቅዳሕ፡-

- ንሙሉእ ቐዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ዓይደር
  መቐለ